***08/06/2009***

## *ኣብ ከተማታት መንደፈራን ዓዲኳላን ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ ዝወቅዐ ማይ እኩል ዘይምኳኑን ምስቲ ንሱ ዘስዓቦ ድርቅን ኣብ ዲጋታት ዘጋጠመ ዋሕዲ ማይ ንናይ ጀርዲን ስራሕ ይሃስዮ ኣሎ።*

ኣብ ዓዲኳላ ትርከብ ዲጋ ሰመሙ ማይ ወዲኣ ስለዝደረቐት እተን ዝተኣዓጋ ዒላታት እውን እኩል ማይ ክርከበን ስለዘይከኣለ ብፍላይ ተኽልታት ፍረ-ምረን ዘፍርዩ ሰብ ጀራዲን ከቢድ ብድሆ ኣጋጢምዎም ኣሎ።

ኣብ ከባቢ መንደፈራ ዝርከባ ዲጋታት ዓዲ መንጎቲን ዓዲ ዓረቶን'ውን ማይ ወዲኣን ስለዝደረቃ ኣብ ጀራዲን ዘፍርዩ ዜጋታት ኣብ ከቢድ ጸገም ወዲቆም ከምዘለው እሙናት ምንጭታትና ገሊጾሙልና ኣለው።

ኣብ ጀራዲን ብዘፍርይዎ ተክልታትን ፍረታትን ንህዝቢ ዕዳጋ ዘረጋግኡን ንገዛእ ርእሶም ዝጥቀሙን ዝነበሩ ዜጋታት በዚ ናይ ሕጂ ንምድራቅ ዲጋታት ስዒቡ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገም ጸልማት ዝወረሶ ሃለዋት ከሕልፉ ተቀሲቦም ከምዘለው ድማ ተፈሊጡ'ሎ።

-------------------------------------------------------///////----------------------------------------------

***08/06/2009***

## *ኣብ ከተማ ዓዲኳላ ዘሎ ጸገም ኣገልግልት ቴሌፎን*

## *መፍትሒ ከይረኸበ ይቕጽል ኣሎ።*

ኣብታ ከተማ ዝርከቡ እሙናት ምንጭታት ድምጺ ወጋሕታ ከምዝሓበሩዎ ህዝቢ ከተማ ዓዲኳላ ኣገልግሎት ቴሌፎን ዝረክበሉ መገዲ ክፍጠር ብተደጋጋሚ ዝምሕጸን'ኳ እንተኾነ ስርዓት ኢሳይያስ ዓቕምታቱ ስለዝማህመኖ ዛጊት ዝተረከበ መፍትሒ የለን።

ኤሪ ቴል ኣብታ ከተማ ህንጻ ዝሰርሓ'ኳ እንተኾነ ብድሕሪኡ ክሰላሰል ዝግብኦ ስራሕ ብሰንኪ ድሩትነት ዓቕሚ ከምዘቋረጸ ከኣ ሓቢሮም።

ብጀካ'ዚ ኣብ ከተማ ዓዲኳላ ከቢድ ጸገም ዝስተ ማይ ስለዘሎ ህዝብና ኣብ ሰሙን ሓደ ፊስቶ ጥራሕ ክረክብ ተገዲዱ ብጸገም የማርር ምህላው'ቲ ሓበሬታ ኣፍሊጡ'ዩ።

----------------------------------------------------//////-------------------------
------------------------------

***08/06/2009***

## *ካብ ዝሓለፈ ሓዱሽ ዓመት ጀሚሩ ናብ መደበር ስደተኛታት ሽገራይብ*

## *ናይ ዝተዓቆቡ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣሃዝ*

## *ከባቢ ዓሰርተ ሽሕ ከምዝበጽሐ ተሓቢሩ።*

ሱዳን ትሪቡን ከምዝጸብጸቦ- ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ኩነታት ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰልን እናኸፍኡ ይኸይድ ብምህላው ካብ 21 ክሳብ 29 ግንቦት ዓመት 2009 ኣብ ዝነበሩ መዓልትታት 304 ኤርትራውያን ናብ መደበር ስደተኛታት ሽገራይብ ዝኣተው ኮይኖም ካብ ዝሓለፈ ሓዱሽ ዓመት ጀሚሩ ናብቲ መደበር ናይ ዝኣትው ዜጋታት ኣሃዝ ከኣ ከባቢ ዓሰርተ ሽሕ በጺሑ'ሎ።

ኤርትራ ንዜጋታታ ዓባይ ቤትማእሰርቲ ኮይና ከምዘላ ዝጠቀሰ'ቲ ጸብጻብ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ዝከፍኣ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ዝፍጸመለን ሃገራት ኮይና ከምዘላን ብሂውማን ራይትስ ዎችን ካልኦት ሓያላት ሃገራትን ከኣ ንግብረሽበራውያን ደገፍ ምስዝገብራ ሃገራት ከምዝሰፈረትን ድማ ኣረዲኡ።

ብሂራት ዓፋርን ኩናማን ንስርዓት ኢሳይያስ ብምጽናት ዓሌት ይኸስዎ ምህላዎም ድማ'ቲ ጸብጻብ ሓቢሩ።

------------------------------------------------------//////---------------------
------------------------------